# Global Storybooks

globalstorybooks.net

እታ ቤተይ ገዲፈ ንከተማ ዝወጻኹላ ዕለት


Lesley Koyi, Ursula Nafula
Brian Wambi
Daniel Berhane Habte



This work is licensed under a Creative Commons Attribution 4.0 International License.

https://creativecommons.org/licenses/by/4.0


# እታ ቤተይ ገዲፈ ንከተማ ዝወጻኹላ ዕለት


Lesley Koyi, Ursula Nafula
Brian Wambi
Daniel Berhane Habte


3

ትግርኛ ti

እታ ኣብ ዓድና ዘላ ንእሽቶ መዕረፍ ኣውቶቡሳት ብህዝብን ልዕሊ ዓቕመን ብዝጸዓና ኣውቶቡሳትን ኣዕለቕሊቓ ነበረት። ዋላ ኣብ ባይታ ዃኣ ዝጸዓን ተወሳኺ ንብረት ነበረ። ተመትቲ ኣስማት ናይቲ ኣውቶቡሳቶም ዝኸድኦ ቦታታት ይጭድሩ ነበሩ።

ከተማ! ከታማ! ናብ ምዕራብ! ኢሉ ሓደ ተማቲ ክጭድር ሰማዕክዎ። ንሳ እያ እታ ክወስዳ ዝደለኹ ኣውቶቡስ።

እታ ኣውቶቡስ ከተማ ዳርጋ መሊኣ እያ ኔራ፡ ግን ጌና ተወሰኽቲ ሰባት ንኽኣትዉ ይደፋፍኡ ነበሩ። ገሊኣቶም ንብረቶም ኣብ ትሕቲ እታ ኣውቶቡስ ጸዓንዎ። ካልኦት ድማ ኣብቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ መጸፍጸፊ ኣእተውዎ።



እታ ኣውቶቡስ ንኽትምለስ ብቑልጡፍ ትመልእ ነበረት። ብተሎ ናብ ምብራቕ ክትምለስ እያ። ሕጂ እምበኣር እቲ ንዓይ ኣዝዩ ዘገድሰኒ ነገር፡ እንዳ ኣኮይ ሃሰው ክብል ምጅማር እዩ።

ድሕሪ ትሽዓተ ሰዓታት፡ በቲ ዓው ዝበለ ገም ገምን ጸውዒት ናብ ዓድና ክምለሱ ዝደለዩ ተሳፈርትን ተበራበርኩ። ንእሽቶ ሳንጣይ ኣልዒለ ካብታ ኣውቶቡስ ዘሊለ ወረድኩ።



ሓደስቲ ተሳፈርቲ ትኬቶም ተኾልኪሎም ኣብታ ጭቕጭቕ ዝበለት ኣውቶቡስ ኮፍ መበሊ ይደልዩ ነበሩ። ናኣሽቱ ቆልዑ ዝነበርወን ኣዴታት ንቆልዑተን ነቲ ነዊሕ ጉዕዞ ኣመሻሽኣሎም።

ኣነ ኣብ ጥቓ መስኮት ተጨባቢጠ ኮፍ በልኩ። ኣብ ጐነይ ኮፍ ዝበለ ሰብ ሓንቲ ቀጠልያ ሳንጣ ቀጠው ኣቢሉ ሒዙ ነበረ። ብላይ ሳንደል ሳእንን ዝኣረገ ካቦትን'ዩ ወድዩ፡ ዝተጨነቐ ድማ ይመስል ነበረ።



ኣብ መንገደይ፡ ስም ናይቲ ኣኮይ ዝነብረሉ ኣብቲ ዓቢ ኸተማ ዘሎ ቦታ ሽምደድክዎ። ጌና ደቒሰ ከለኹ ነቲ ስም ብትሕቲ መልሓሰይ ይደጋግሞ ነበርኩ።

ኣእምሮይ ግና ናብ ቤተይ ተመሊሱ ሃውተተ። ኣደይ ብደሓን'ዶ ትጸንሕ? ማንቲለይ ገንዘብ የእትዋ'ዶ ይኾና? ሓወይ'ከ ነቲ ፈልሰይ ማይ ምስታይ ይዝክሮ'ዶ ይኸውን?



ካብታ ኣውቶቡስ ናብ ግዳም ጠመትኩ'ሞ ዓደይ፡ እታ ዝዓበኹላ ቦታ ሓዲገያ ይኸይድ ምህላወይ ተረድኣኒ። ናብታ ዓባይ ከተማ እየ ዝኸይድ ኔረ።

እቲ ምጽዓን ተወዲኡ እዩ ኲሉ ተሳፋራይ ድማ ኮፍ በለ። እናዞሩ ኣቕሑ ዝሸጡ ሰባት ንብረቶም ናብ ተሳፈርቲ ንምሻጥ ጌና ናብታ ኣውቶቡስ ተዳፍኡ። ነፍስወከፎም ስም እቲ ንመሸጣ ዝቐረብዎ ንብረት እናጠቐሱ ይጭድሩ ነበሩ። እቲ ቃላት ንዓይ ኣስሒቑኒ።



ኣብ ጕዕዞና ምስገስገስና፡ እቲ ውሽጢ ኣውቶቡስ ኣዝዩ መቔ። ክድቅስ እናተተስፈኹ ዓይነይ ዓመትኩ።

እታ ኣውቶቡስ ነቲ መኞም ኣውቶቡስ ገዲፋቶ ክትከይድ ከላ በቲ መስኮት ንግዳም ጠመትኩ። ዳግም ናብ ዓደይ ክምለስ’ዶ ይኽውን እናበልኩ ተደነቕኩ።



ሒደት ተሳፈርቲ ዝስተ ገዚኦም፡ ካልኦት ቀንጠመምንጢ ጣዓሞት ዓዲጎም ክሕይኹ ጀሚሮም። እቶም ገንዘብ ዘይነበረና፡ በዓል ኣነ፡ ሱቕ ኢልና ተዓዘብና።

እዚ ንጥፈታት በቲ ክንብገስ ምኽኣ’ና ዘአንፍት ድምጺ ጥሩምባ ናይታ ኣውቶቡስ ተቛረጸ። እቲ ተማቲ ነቶም ሽያጦ ንኽወጹ ኣዕበርበረሎም።



ሽያጦ ካብታ ኣውቶቡስ ንምውራድ ንሓድሕዶም ተደፋፍኡ። ገሊኦም ነቶም ተሳፈርቲ ማልስ ሂቦሞም። ካልኦት ድማ ተወሳኺ ነገራት ንምሻጥ ናይ መወዳእታ ፈተነ ኣካየዱ።